## ቐንዲ ምኽሪታት

# መበላይ/ኤክዘማ ምቍጽጻር

እዞም ዝስዕቡ ሓሳባትን ምኽሪታትን ንናይ ህጻንኩም መበላይ/ኤክዘማንምቍጽጻር ይሕግዙ እዮም

## መድሃኒት ዘለዎም ክሪማትን ቅብዓትን

- በብመዓልቱ ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ተጠቐሙ፣ መበላይ/ኤክዘማ እንተዘይሃልዩኩም እውን
- መበላይ/ኤክዘማ ክነብር እንከሎ ቶፒካል ስቴሮይድ መድሃኒታት ከምቲ ናትኻ ሓኪም ወይኻዓ ነርሲ ሰበሞያ ዝውሃብ መምርሒ መሰረት ተጠቐሙ
- ዝተለምደ ጸገም መግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ ዝፈጥሩ መግብታት ከም ጻባ ላሕሚ፤ ናይ ውጽዓት ኣጣል ከምኡ'ውን ናይ ለውዝ ፍረ ዘይቲ ንዘለዎም ንቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ጌርካ ክትጥቐመሉ ኣይሕበርን።

## ኣብ ሰብነት ባኞ ስለምሕጻብ

- እንተተኻኢሉ ኣብ ማዓልቲ ሓደ ግዘ ኣብ ባኞ ወይ ብፈሳሲ ማይ ጌርካ ምትሕጻብ
  - ኣብ ናይ ባኞ መሕጸቢ ውሽጢ እንዳሃለኻ ንዝኾነ ናይ መበላይ/ኤክዘማዝነቐጸ ቅራፍ ቖስ ኣቢልካ ምውጋድ – እዚ ነቲ ዝተኣዘዘ ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒት ብዝሓሸ ንክሰርሕ ይፈቕደሉ
- ናይ ሳሙና ውጽኢትን ብዓረፋ/ዓፍራ መሕጸቢ ባኞ ኣወግዱ፤ እዚ ናይ ቆርበት ምንቓጽ ስለዝፈጥር
- ከምኡ'ውን ጨናታት ወይኻዓ ጥዑም ምኡዝ ጨና ንዘለዎም ምህርቲታት ምውጋድ፤ እዚኦም ነቲ ቆርበት ከቍጥኦ ስለዝኽእል
- ብቐሊሉ ክጥቓዕ ንዝኽእል/ተነቃፊ ቆርበት ንጨጕሪ ኣብ ትሕጸበሉ ግዘ ሻንፑ ተጠቐም

## ጠንቅታት ኣለዓዓልቲ

- ካብ መጠን ንላዕሊ ሙቐቲ ኣወግዱ –መበላይ/ኤክዘማ ዘለዎም ህጻውንቲ ቐልጢፉ ሙቐቲ ክስምዖም ይኽእል፣ እዚ ንመበላይ/ኤክዘማ ብዝበለጸ ምስሓይ ክፈጥር ይኽ እል
  - ንቆሎዑት ካብ መጠን ንላዕሊ ከይትከድንዎም ፈትኑ – 100% ካብ ጡጥ ዝተሰርሓ ክዳን እንተኾይኑ ይምረጽ
  - ኣብ ዓራት ከቢድ ኮበርታን ድሪቶታት ምውጋድ – ልስሉስ ካብ ጡጥ ወይ ሃሪ ዝተሰርሓ ኣንሶላታት ምጥቓም ይምረጽን ረቒቕ ካብ ጡጥ ዝተሰርሓ ኮበርታ ወይኻዓ ፍኹስ ዝበል ናይ መደቀሲ ከረጺት ኣብ ዝሑል ኣየር ኵነታ ምጥቓም
  - እንተተኻ ኢሉ ኣብ መደቀሲ ክፍሊታት ንመሞቒታት ዘይምጥቓም
- ንጻብዕቲ ጽፍሪታት ሓጺርን ጽሩይ ጌርካ ምሓዝ – እዚ ብጽፍሪታት ቆርበት ናይ ምፍሕንጫር ሓደጋ ከይበጽሆ ንምክልኻል ይሕግዝ
- ከም እሾኽ ዝወግእ ነገራት ማለት ከም ዝንጥልጠል ስም/ታግ ዘለዎ ክዳን ኣብ ቆርበት ህጻን ጸገም እንተፈጢሩ ምውጋድ

ንመግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ መከላኸሊ ፕሮጀክት ዝተመስረተ ብ ascia australasian society of clinical immunology and allergy, national allergy council, Allergy & Anaphylaxis Australia

እዚ ፕሮጀክቲ ሓገዝ ገንዘብ
ካብ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና መምርሒ ተቐቢሉ እዩ።

ብኹርዓት ዝተደገፈ ብ Perth Children's Hospital Foundation

## ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒታት

ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒታት ኣብ ቆርበት ንዝፍጠር ምቊጣዕን ምስሓይን ንምርግጋእን ይሕግዝን ንንመበላይ/ኤክዚማ ከይገድድ (ቐይሕ ንምዃንን ምስሓይን) ንምቕናስ ይሕግዝ።

## ቶፒቓል ስቴሮይድስ መድሃኒታት መዓዝን ኣበይን ይጥቐሙሉ?

ኣብ ኲሉ ንኤክዚማ ዘለዎ ቦታታት (ቐይሕ፤ ምሕባጥ፤ ዝሓርፈፈ ቦታ) ክትርእይ እንከሎ ቐልጢፍካ ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒታት ግበረሉ (ሓኪም ብዝኣዘዞ መሰረት)፣ ኣብ ኤክዚማ ዝገደዶ ቦታ ጥራይ ከይኾነስ ኣብ ኹሉ ቦታ ምልኻይ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ዝቆሰለ ቆርበት ምጥቃም ግድን እዩ።

## ክንደይ ዝኸውን ክጥቐም ኣለኒ?

ኣብ ሓደ ቦታ ክንዲምንታይ ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒት ምጥቃም ይኻኣል ንምፍላጥ ከቢድ ክኸውን ይኽእል። ብጣዕሚ ዝውሓደ እንተጌርካሉ ከይሰርሕ ይኽእል ይኸውን።

ንኲሉ ብኤክዚማ ዝተተንከፈ ቦታታት ንምሽፋን እኹል ዝኾነ ናይ ቶፒካል ስቴሮይድስ መድሃኒት ምልኻይ። ናይ ኣጻብዒቲ ጫፍ (Fingertip) መለክዒ መጠን ምጥቃም ክሕግዝ ይኽእል። ሓደ መዐቀኒ ኣሃዱ ናይ ጫፍ ኣጻብዕቲ (Fingertip unit)) ንክልተ ዕጽፊ ናይ ሓደ ኣጻብዕቱ ብሓባር ዝጠመረ ዝተዘርግሐ ኢድ በጽሒ ሰብ ክሽፍን ዝኽእል እዩ። ። ንኣብነት፡ እቲ ዝሕከም ክፋል ቆርበት ብናይ ጐልማሳ ዝተዘርግሓ ኣእዳው ኣርባዕተ መጠን እንተለዎ፤ ክልተ ዝኸውን ናይ ኣጻብዒቲ ጫፍ መዐቀኒ ቶፒካል ስቴሮይድ መድሃኒታት ኣብ ሕድሕድ ግዘ ክግበር ኣለዎ።




መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ማዓልቲ ሓደ ግዘ እኹል እዩ። ኤክዚማ መሊኡ ክሳዕ ዝጠፍእ በብማዓልቲ ሓደ ግዘ ንምግባር ዘይምቊራጽ (ቆርበት ልሙጽ ይኸውን፤ ኣይቀይሕን ኣየሳሕይን) ወይኻዓ ብሓለዋ ጥዕና ሰበሞያ ሓኪም ክሳብ ዝነግረኻ ። ብግቡእ ሕክምና እንተተጌሩ ኤክዚማ ብመብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ካብ 1 ክሳዕ 2 ሰሙናት ክጠፍእ ይኽእል እዩ።

## ክንደየናይ መጠን ዝኸውን ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ክጥቐም ኣለኒ?

ምናልባሽ ንስኻ ካብ ትሓስቦ ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል! በብሕድሕድ ሰሙን በዚ ዝስዕብ መጠን ንምጥቓም ምንዳፍ:

- 125 ግራም ንዕሸል ቆልዓ
- 250 ግራም ንንኡሽተ ህጻን
- 500 ግራም ንዓብይ ህጻን ወይኻዓ ኮተቴ

ንመግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ መከላኸሊ ፕሮጀክት ዝተመስረተ ብ
ascia australasian society of clinical immunology and allergy
national allergy council
Allergy & Anaphylaxis Australia
እዚ ፕሮጀክቲ ሓገዝ ገንዘብ
ካብ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና መምርሒ ተቐቢሉ እዩ።
ብኮርዓት ዝተደገፈ ብ
Perth Children's Hospital Foundation